ርእሰከተማከፍለሃገር Dresden
ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት

# ማምርሒ
# ንቕቡላት ዐቕበኛታት ገዛ ንዝደልዩ

በቲ ናይ ፈጠራ ምስክርነት ጌርካ፣ ናይ ገዛእ ራስኻ ገዛ ምድላይ ክግበር ኣለዎ።

## 1. ገዛ ምድላይን ገዛ ንክትረክብ ዘገብእ ወረቐትን

**ናይ ግዛእርእስኻ ገዛ ምድላይ**

ቅቡላት ዐቅበኛታት ብገዝእ ርእሰኦም ወይወን ምስቲ ና ገዛ ምድላይ-ባልጋ ዝበሃል ኮይኖም፣ ኣብቲ ናይ ነጻ ገዛውቲ-ዕዳጋ። ንዐኦም ዝኸውን ገዛ ክደልዩ ኣለዎም። ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ወሳዲ ዝኾነ ሰብ እንተኾይኑ፣ ነቲ ብናይ ርእሰ ከተማከፍለ ሃገር ንኽራይ ገዛ ክከፈል ዝፍቀድ ዓቕን ንምፍላጥ፣ ኣብ ግምት ከእትዎ ኣለዎ። ነት ንናይ ወሕስነት ወይወን ብናይ ማሕበር ገዛ ወነንቲ ዝተሓዝ ገንዘብ፣ ናብ ናይ ስራሕ-ማእከልነት ሓተታ ክግበር ይከኣል እዩ።

እዋናዊ ዝኮኑ ናይ መወቀኒታት ኣብ ኢንተርነት ኣለው፤ :www.dresden.de/media/pdf/sozialamt/Merblatt_KdU.pdf

**ብሓገዝ ናይ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ገዛ ምድላይ፣**

ሓደ ናይ **ናይ ገዛ ምርካብ ማስል ምስክርነት** (WBS) ምስ ዝህሉ ቅቡላት ዐቕበኛታት እወን፣ ናይ ገዛእ ራሶምገዛ ኣብ ዝደልዩሉ ግዜ ካብ **ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት** ደገፍ ክረክቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ WBS ኣብ ማሕበራዊ ቤዝ ጽሕፈት፣ ክፍሊ ጉዳይ ገዛ ብምሃብ ምንባይ (3ይ ደርቢ፣ ኣብ ፊት መጸበዪ ክፍልታት ቁጽሪ 309-315) ክህተት ይኽኣል እዩ።

ምስቲ (ሰሚዋዊ) WBS-ሓተታ እዞም ዝስዕቡ ዶኩመንትታት ክቐርቡ ኣለዎም:

- ወይ እቲ ናይ ፈጠራ ምስክርነት፣ ወይድማእቲ ናይ አለክትሮኒካዊ ናይ መንበሪ ፍቓድ|(AT) ወይድማ ፓስፖርት
- እቲ ናይ ሓገዝ ዝህብር ጽሐፍ ናይ ስራሕ-ኣልቦነት ገንዘብ II (ALG II) ወይወን ማሕበራዊ ሓገዝ (SGB XII) ወይድማካብ ናይ ስራሕ ኣታዊ፣ ከምኡወን
- ናይ Dresden-Pass (ወይወን 7,50 ኤወሮ፣ እቲ ናይ ገዛ ንምርካብ ማስል ምስክርነት ዝኽፈል ገንዘብ)

ኣብቲ WBS-ሓተታ ኩሎምእቶምናይቲ ናይ ወለንታዊ ኣብ ናይ ገዛ ምድላይ ኣባልጋ ዝኾኑ እንታይነቱ ክጽሓፍ ይከኣል እዩ።

እቲ WBS እንተደንጉኻ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ድሕርቲ ሓተታ ምቕራብ ካብ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ክወሰድ ይከኣል እዩ። ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ክኣ ሓደ ናይ ክርከበልካ ሓተታ ወረቐት ይወጸእ። እዚ ሓተታ እዚ ኣብቲ ቦታ ክታም ብምቕማጥ ኣብቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ይተርፍ።

ብድሕረኡ ቅቡላት ዐቅበኛታት ብደብዳቤ ሃደ ንጹር ዝኾነ ናይ ገዛ ወፈያታት(እቶም ከምምርኽካብ ምኽሪ ዝፍለጠ) ይስደደሎም። ኩሎም እቶም ኣገደስቲ ሓቤረታት፣ ከምንክትራዮ ዝግበር ቆጸራ ምስምሜዕንከመይ ከም ዝግበርን፣ ከምኡወን ካልኦት ኣከያዳን ኣብዚ ጽሐፍዚ መበርሂ ተገ ይርሰም ኣሎ።

## 2. እቲ ገዛ ከጽንሖልካን ናይ ክራይ ገዛ ውዕልን

ድሕሪቲ ነቲ ገዛ ምርኣይ፣ ኣዚ ገዛ እዚ ከምዝጸንሕ ክግባር ኣለዎ። እዚይ ክኣ ሽዑ ኣብቲ ዝረኣየሉ ግዜ ምስቲ መካረይን፣ ወይውክኣ (ከምኣብነት ኣብ VONOVIA ናይ ዓማወል ማእከልነት) ብተለፎን ክግበር ኣለዎ። ብድሕረኡ እቲ ግዱስ ወይ ግዱሳት እቲ ናይ ክራይ ገዛ ውዕል ካብ ኣካራዪ ይለኣኽሎም።

## 3. ተማግጠንነት ናይቲ ገዛን፣ ናይቲ ምቕያር ኣድላይነቱን

እቲ ናይ ንጹር ዝኾነ ናይ ገዛ ወፈያ ወይወን፣ እቲ ገና ዘይተፈረመዘሎናይ ክራይ ገዛ ውዕል፣ ናብቲ ናይ ስራሕ ማእከልነት ክቐርብ ኣለዎ። እታ ናይ ስራሕ ማእከልነት ነቲ ወፈያ ወይወን ነቲ ውዕል ብምምርማር፣ እቲ ግዛ ክቡር ከም ዘይኮነን ምቕያር እወን ከምዘድልን ብጽሐፍ ክትህብ ኣለዋ። ከምዚ ምስ ዝኸወን እወን ኣታ ናይ ስራሕ ማእከልነት ነቲ ብሓተታ ዝቐረበ ክወጽእ ዘለዎ ወጻኢታት ናይ ከምትሕጃ ወይወን ናይ ማሕበር-ክፍሊት (ነቲ ናይ ትሕጃ ብዝሐ)ትቕበሎ።

ኣብቲ ሓተታውን ምኽንያት ናይ ምቅያር እንታይ ከምዝኮነ ክጸሓፍ ኣለዎ። ከም ምኽንያት፣ እቲ ናይ ዑቅባ ሕቶ ከምተቐበልዎን ፣ ስለዝኾነ ድማካብቲ ናይ ግዝያዊ መንበሪ ሰፈር ክወጸእ ከምዘለዎ እዩ።

ነዚ እወን ነዞም ዝስዕቡ ዶኩመንትታት ከምዘድል:

- እቲ ናይ ሓተታ ፎርምናይ ምቅያርን ምኽንያቱን (ካብ ናይ ስራሕ ማእከልነት እዩ ዝወሃብ)
- እቲ ናይ ገዛ ወፈያን ወይወን እቲ ዘይተፈረመናይ ገዛ ውዕልን
- እቲ ናይ ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ሰፈር ምጥቃምከምዝተወደኤ ዝምስክር ጽሐፍን (ካብ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት እዩ ዝወጽእ)

## 4. ናይ ክራይ ገዛ ውዕልን፣ ናይ ወሃብ ገዛ ሚጋግርጽን

እተድኣ እቲ ቅቡል ዕቕበና እዘን

- እቲ ናይ ፈጠራ ምስክርነት ወይወን አልክትሮኒካዊ ናይ መንበሪ ፍቃድ
- ናይቲ ናይ ዝተመጣጠነ ምስክርነት ወይወንናይ ኣድልይነት ምስክርነትን
- ከምኡ እንተኾነ ክኣ እቲ ካብ ናይ ክራይ ገዛ ዕዳ ነጻ ምስክርነት ተባሂሉ ዝፍለጥ (ካብ ማሕበበራዊ ቤት ጽሕፈት፣ ክፍሊ መንበሪ ምሃብ ክወሰድ ዝከኣል)

ኣለዎ እንተኾይኑ፣ እዚኦምምስቲ ናይ ዝተፈረመናይ ክራይ ገዛ ውዕል ናብቲ ኣካራዪ ክስደድ ኣለዎ።

ብድሕረኡ ክኣ እቲ ቅቡል ዐቕበኛ፣ እቲ ብ ኣካራይ ገዛ ዝተፈረመናይ ክራይ ገዛ ውዕል ተመሊሱ ይስደደሉ።

ብተወሳኺናይ ወሃብ ገዛ ሚጋገጺ ጽሐፍ ይወሃቦ። እዚ ወረቐትዚ እንተድኣ ክታምዘይብሉ ኮይኑ፣ ከምኩነ ታቱ እዚ ናይ ሚጋገጺ ጽሐፍ በቲ ናይ ገዛውቲ ዘማሓድር ሰብ መፍትሕ ኣብ እትርከበሉ ግዜ ክፍረም ይኽኣል እዩ። እዚ ናይ ሚጋገጺ ጽሐፍዚ ኣብቲ ነቲ ገዛ ተመዝግበሉ ግዜ ኣብ ናይ ምምዝጋብ ምምሕዳር የድልየካ እዩ።

## 5. ነቲ ናይ ገዛ ክራይ ትሕጃን ወይወን ናይ ገዛውቲ ማሕበር ክፍሊት ምሽካምን

ድሕሪቲ ናይ ክራይ ገዛ ውዕል ምስተፈረመ፡ ክይደንጐኻ ናብቲ ናይ ስራሕ ማእከልነት ነቲ ናይ ክራይ ገዛ ትሕጃን ወይወን ናይ ገዛውቲ ማሕበር ክፍሊትን፣ ከምኡወን ነቲ ናይ መጀመርያ ዘድሊ ኣቑሑዘድልን ሓተታ ክቐርብ ኣለዎ።

ንዕኡ ክኣ እዞም ዝስዕቡ ዶኩመንትታት የድልዩ እዮም:

- ክታም ዝወደቐ ናይ ክራይ ገዛ ውዕል
- ንትሕጃ ክሽከሚልካ ዘቐረበ ሓተታ
- ናይቲ ዝተመጣጠነ ን ኣድላይነትን ዝምስክር ጽሑፍ
- ነቲ ናይ ምቕያር ገዛ ዘወጽእ ዋጋ ምስካም ሓተታ
- ናይቲ ናይ መጀመርያ ዘድልዩ ኣቑሑምውሃብ ሓተታ (ዝርዝር ጽሑፍ ናይ ዘድልዩ ኣቑሑገዛ)
- እቲ ጥብቆ VM – ዘሎካ ርኽበት ምስ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ወርሒናይ ባንክ ወረቓቕትን (እንተድኣ ሃልዩካ)
- ጥብቆ VÄM – ልወውጥ ከምተገብረ ምሕባርን
- ጥብቆ KDU – ወጻኢታት ናይ መንበሪ

## 6. ኣቑሑገዛ/ናይ መጀመርያ ኣቑሑ

በቲ ናይ መጀመርያ ኣቑሑምውሃብ ፍቓድ፣ ገንዘብን ባቑሑሓገዝን ይወሃቡ እዩ።

ኩሎም እቶም ናይ ዝተገዝኡ ዘበሉ ቅብሊታት ብጥንቃቐ ክተሓዙ ኣለዎም (እዚኦም ከምኣድላይነ ቶም ጽኒሖምወን ብናይ ስራሕ ማእከልነት ክሕተቱ ይኽእሉ እዮም).

ናይ ኣቑሑሓገዛት ኣብ ወሽጢኣርባዕተ ሰሙናት፣ ኣብቲ ናይ ማሕበራዊ ናይ ኣቑሑኣገልግሎት [SUFW, Senftenberger Straße 38, ተለፎን: (03 51) 2 72 72 24 ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9-18] ክጥለቡ ይኽእሉ እዮም። ገዘፍቲ ኣቑሑት ክጥለቡ ይኽእሉ እዮም።እንተድኣ ኣብዘን ዝተባህላ ግዜ ነዞም ኣድለይቲ ኣቑሑት ህልዋት ዘይኮይኖም፡ ኣብ ክንደኦም፡ ናይ SUFW ምስክርነት ጽሑፍ ብምቕራብ፣ ተወሰኽቲ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ካብ ናይ ስራሕ ማእከልነት ሓተታ ክግበር ይከኣል እዩ።

**በቲ ናይ ኣድለይቲ ኣቑሑምሃብ ከምልሙድ እቲ ናይ ክልተ ግዜ ክራይ ገዛ ምኽፋል ተወዲኡ እዩ** (ናይ ማስጋገሪ መንበርን ናይ ገዛእ ርእስኻ ገዛን) **ክሳብቲ ናይቲ ዝመጽእ ወርሒመጀመርያ። ካብኡ ንደሓር ነቲ ማስጋገሪ መንበሪ ባዕልኻም ክትከፍልዎ ኣለኩም።.**

## 7. መፋትሕ ምርኽኻብን፣ ንገዛ ብጽሑፍ ዘተሰነደ ምርካብን

እቲ ናይ መፋትሕ ምርካብ ግዜ ቆጸራ፣ ኣብ ሞንጎ ተኻራይን ኣካራይን ብግሉም እዮም ዝሰማዕሉ።ኣብዚ ቆጸራዚ ሓደ ናይ መፋትሕ ምቅባል ጽሑፍ ክግበር ኣለዎ። ኣብዚ ጽሑፍዚ እዋናዊ ኩነታት ናይቲ ገዛን፣ ኩሎም ዘበላሸዉን ጉድለታትን ኣብቲ ገዛ ብዝርዝር ክጸሓፉ ኣለዎም።ካብኡ ሓሊፉወን ነቶም ናይ ገዛ መቑት፣ ማይ፣ ኤለክትሪክን ዝበጽሕዎ ቁጽሪ ክጸሓፉ ኣለዎም። እንተድኣ እቲ ናይ ደብዳቤታት ሳጹን/ወይወን መደወሊ ጌና ብኣገባብ ዘይተጸሕፉ ኮይኖም፡ ነቲ ኣካራይ ሽዑ ብምዝራብ፣ ብዝቐልጠፈ ክግበሩ ከምዘለዎምከምዝግበር።

## 8. ድሕርቲ ምቕያር ገዛ እንታይ እዩ ዝግበር?

እዚ ሓድሽ መንበሪ ኣብ ወሽጢክልተ ሰሙን ድሕርቲ ናይ ክራይ ኩነታት፣ ኣብቲ ናይ ምምዝጋብ ምምሕዳር ክትምገቡ ኣለኩም። እቲ ምምዝጋብ ኣብ ቃሕ ዝበለኩም ንይ ምምዝጋብ ቤት ጽሕፈት ናይታ ከተማክግበር ይከኣል እዩ።

ነቲ ምምዝጋብ እዞም ዝስዕቡ ወረቓቕቲ ክተቕርቡ ኣለኩም:

- ነቲ ግገዛ ናይ ምቕባልኩም መማስከሪን
- ናይ ፈጠራ ምስክርነትን/ናይ መንበሪ ፍቓድን

ድሕሪ ምምዝጋብ እቲ ቅቡል ዐቕበኛ ሓደ ናይ ሚጋገጺ ጽሑፍ ይቕበል እዩ።በዚ ገይሩ ድማኣብ ናይ ወጻእተኛታት ምምሕዳር  ነቲ ናይ ፈጠራ ምስክርነቱ ከምዝሕደስ ይገብር። ካብዚ ሓሊፉወን እታ ናይ ስራሕ ማእከልነት ካብ ናይ ምምዝጋብ ምስክርነትን ናይ ወሃብገዛ ሚጋገጽን ሐሓደ ቅዳሓት ትቕበል።

ድሕርቲ ገዛ ምቕያር ኣገዳሲ እዩ ነቲ ናይ ደብዳቤ ምክፍፋል ትካል **ናብ ሓድሽ ኣድራሻኻ ምስዳድ ሓላፍነት ምሃብ** (ብናይ ስራሕ ማእከልነት ብማስረት ናይ ምቕያር ገዛ ወጻኢ ዝኽፈል)። ኣብ ወሽጢእቲ ናይ ናብ ሓድሽ ኣድራሻኻ ምልኣኽ፣ ነተን ቤት ጽሕፈታትን፣ ባንክን (ናይ ቁጠባ ባንክ)፣ ናይ ንሕማም ወሕስነትን (AOK) ብዛዕባቲ ገዛ ምቕያር ክሕበሩ ኣለዎም። ከምልሙድወን ነቲ ናይ ምምዝጋብ ምስክርነት ክተቕርበሎም ይከኣል እዩ።

ናይ ስራህ-ኣልቦነት ገንዘብ II-ተቐባሊ ንዝኮነ ካብ ናይ **ሚዕከናት ዜና ግብሪ** ምኽፋል ነጻ ንኽግበረሉ ሓተታ ምቕራብ ይኽእል። ንዕኡ ድማነቲ ናይ ካብ ናይ ሚዕከናት ዜና ዝኽፈል ግብሪ ግቡእናት ምሓር ዝግበር ናይ ሓተታ ፎርምን፣ ከምኡወን ካብ ናይ ስራሕ ማእከልነት ብዛዕባ ግብሪ ምኽፋል ምምሓር ዝምስክር ጽሑፍ ናብ „ARD ZDF ናይ ጀርመን ረድዮ ዝኽፈል ኣገልግሎት“ ክስደድ ኣለዎ።

ድህሪቲ ናብ ሓድስ ገዛ ምእታው ብዝቐልጠፈ ናብ **ለኣኸቲ ሓይሊ አልክትሪክ** ክምልከት ኣለዎ። ኣብዚወን ነቶም ሓይሊ ኣለክትሪክ ዘወፍዩ ከምድላይካ ክህረዩ ይከኣል። ንኽተሚልከት ናይቲ ቆጻሪን ቁጽርን ዝርካቦ ቦታን ካብቲ ናይ ገዛ ምቕብባል ጽሑፍ ከድልዩ እዮም።

**እንታ ከጋጥም ይኽእል፣ እንተድኣ ቅቡላት ዐቕበኛታት ኣብ ወሽጢ ናይ ሰለስተ ወርሒገደብ ገዛ እንተ ዘይረኺቡ?**

ኣብ ከምዚ ኩነታት ናብቲ ናይ ማሕባራዊ ቤት ጽሕፈት፣ ኽፍሊ ግዝያዉመንበሪ ንኽናዋልካ ሓተታ ምቕራብ የድሊ። ንዕኡ ድማእቲ ናይ ምጥቃምኣገባብ ኣብ ግዝጻዊ መንበሪ ምውዳእ ዝብል ደብዳቤ ክቀርብ ኣለዎ።

ሕታም

ኣሰናዳኢት
ር-ከተማክፍለ ሃገር Dresden
ምስ ወንገላዊ ናይ ሓቤረታ
ማእከልነትን፣ ናይ እንቋዕ መጻእኩም
ሰኪዐት-ስራሕን ብምትሕብባር ኣብ
Löbtau

ማሕበራዊ ቤት ጽሕ፣ ክፍሊ ስደት
ተለፎን: (03 51) 4 88 14 42
ተለፋክስ: (03 51) 4 88 14 43
መይል: sozialleistungen-auslaender-aussiedler@dresden.de ምስንዳው:

Clemens Hirschwald, Michaela Schoffer

April 2017

ደብዳቤ ሳጹን 12 00 20
01001 Dresden
www.dresden.de
ማእከላዊ መንግስታዊ ቑጽሪ 115 – ሕቶታት ንፈቱ ኢና